*"ሓበሬታ ንስድራ-ቤታት"* ዚብል ዝተተርጎመ ንኡስ-ጽሑፍ፡ ብቛንቋታት ፖላንድኛ፣ ፋርሲ፣ ኩርድኛ፣ ኡርዱ፣ ፈረንሳይኛን ትግርኛን ተዳልዩ ይርከብ። እዚ ንኡስ-መጽሓፍ፡ ብኻልእ ቛንቋ ክትርጎም እንተደሊኹም፡ ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ቅጥዒ ብምምላእ፡ ብኽብረትኩም ስደድዎ። ***ኣብቲ እትደልይዎ ቛንቋ ዘሎ ሳጹን ድማ ምልክት ግበሩ።***

☐ **Polish**

Jeśli potrzebujesz polskiego tłumaczenia tej broszury, wypełnij i odeślij poniższy formularz.

☐ **Farsi**

اگر این اطلاعات را به زبانی دیگر و یا در فرمتی دیگر میخواهید لطفا از ما درخواست کنید

☐ **Kurdish**

ئەگەر دەتەوێت ئەم نامیلکەیە بۆ کوردی تەرجومەبکرێت، ئەوا تکایە ئەم فۆرمەی خوارەوە پڕبکەرەوە و بینێرەوە.

☐ **French**

S'il faut vous traduire ce livret en français, veuillez remplir le formulaire cidessous et nous le renvoyer.

☐ **Urdu**

اگر آپ کو اس کتابچے کا ترجمہ اُردو زبان میں چاہیے تو مہربانی کر کے نیچے دیے گئے فارم کو پُر کر کے بھیج دیں

☐ **Tigrinya**

እዛ መጽሓፍ ብትግርኛ ክትትርጎመልኩም እንተደሊኹም፣ ነዛ ኣብ ታሕቲ ዘላ ፎርም መሊእኹም ምለሱዋ።

ቅዳሕ ናይዚ ጽሑፍ፡ ብኻልእ ቛንቋ (ኣብ ላዕሊ ዘይተጠቕሰ) ወይ ብሓደ ካብዚ ዚስዕብ ቅድታት እንተደሊኹም፡ ምልክት ብምግባር ብኽብረትኩም ናብቲ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ብናጻ ዝስደደሉ ኣድራሻ ስደዱ ወይ ድማ ናብ 01924 306225 ተሌፎን ግበሩ።

☐ ብዓቢ ሕታም ☐ ብናይ ድምጺ ቴብ ☐ ብብረየል

☐ ኻልእ ቛንቋ፣ ብኽብረትኩም ሓብሩ፥ ................................................

ስም ................................................

ኣድራሻ ................................................

*ብኽብረትኩም ነዚ ቅጥዒ'ዚ ናብዚ ኣድራሻ ስደድዎ፥* FREEPOST WF 458, Families Information Service, Room 201, County Hall, Wakefield WF1 2QL

**WAK36728** Produced by Wakefield Council Design & Print **02/10**

FIS Leaflet.indd 1-3

# ብኸመይ ትውከሱና

**ብናጻ ናብ ዚድወለሉ**
0800 587 8042 **ደውሉልና**
ብጽሑፍ ዚግበር ጻውዒት (ታይፐኮል) ድማ ንቕበል ኢና

**ኢ-መይል ግበሩልና፥**
fis@wakefield.gov.uk

**ቴክስት (መልእኽቲ) ስደዱልና**
07624 809247

**ነዚ መርበብ-ሓበሬታ ከፊትኩም ርኣዩ፥**
www.wakefieldfis.org.uk

**እቲ ዚውሃብ ኣገልግሎታት ንምርካብ ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት ድለዩ፥**
www.wakefieldfsd.org.uk

**ናብዚ ጽሓፉልና ወይ ብኣካል ምጹና፥**
Wakefield District
Families Information Service
County Hall, Bond Street
Wakefield WF1 2QW

**ዝኽፈተሉ ሰዓታት**
ሰኑይ ክሳዕ ሓሙስ
8.30ቅ.ቀ-5.00ድ.ቀ
ዓርቢ
8.30ቅ.ቀ-4.30ድ.ቀ

ቮይስመይል፡ ካብ ሰዓታት ስራሕ ወጻኢ ኣብ ዝኾነ ግዜ ኣገልግሎት ይህብ'ዩ

**ምብጻሓት (ኣውትሪች)**
ኣብዚ ዞባ ናብ ዝርከቡ ማእከላት ቆልዑን ካልኦት ቦታታትን እናዘርና ንበጽሕ ኢና። ኣብቲ ዘለኽምዎ ከባቢ መዓስ ከም እንመጽእ ክትፈልጡ እንተደሊኹም ወይ ገጽ ብገጽ ዚግበር ኣኼባ ክስርዓልኩም ትደልዩ እንተ ኄንኩም፡ ንዓና ደውሉልና።

**ምስጋናን ጥርዓንን**
ቀጻሊ ዚኾነ ምምሕያሽ ንኽነካይድ ንጽዕር ስለዝኾንና፡ ካብ ኵሎም ተጠቀምቲ-ኣገልግሎት ንዝመጽእ መልሰ-ዕንጋለ ድማ ብሓጐስ ንቕበል ኢና። ኵሉ ርእይቶታት፣ ምስጋናን ጥርዓንን ድማ ነቲ እንህቦ ኣገልግሎት ኽንገምግሞን ከነመሓይሾን፡ ብዛዕባ ናይ መጻኢ መደባት ድማ ኽንሕብረኩምን ኽንጥቀመሉ ኢና።

**ምስጢራውነት**
እቲ እንህቦ ደገፍ፡ ብምስጢር እዩ፣ ሓበሬታ ድማ ወለዲ ወይ ኣለይቲ ፍቓድ ምስዝህቡ ጥራይ'ዩ ንኻልኦት ዝውሃብ።
ንብሕታውነትኩም ክንሕሉ ዘገድደና ፖሊሲ ምስጢራውነት ኣሎና። ቅዳሕ ናይቲ ፖሊሲ እንተደሊኹም ብኽብረትኩም ተወከሱና።

# ኣገልግሎት ሓበሬታ ስድራ-ቤታት ዞባ ዌክፊልድ

## ሓበሬታ ንስድራ-ቤታት

ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ በዚ ዚስዕብ ተወከሱና

ብናጻ ዚድወለሉ ተሌፎን፥ 0800 587 8042

ነዚ ከፊትኩም ርኣዩ፥ www.wakefieldfis.org.uk

www.wakefield.gov.uk

wakefieldcouncil working for you

## ኣገልግሎት ሓበሬታ ስድራ-ቤታት ዞባ ዌክፊልድ

**ነቶም ኣብ መጻኢ ወለዲ ዝኾኑ ሰባት፣ ኣዴታት፣ ኣቦታትን ክሳዕ 20 ዓመት ንዘዕድሚኦም ቆልዑን መንእሰያትን ዝኣልዩ ካልኦት ኣለይትን ዚኸውን ኣብ ክንክን ቆልዑን ካልእ ኣገልግሎትን ዜተኮረ ናጻ ሓበሬታ፣ ምኽርን ሓገዝን ንህብ።**

**ንስድራ-ቤታት ደገፍ ምስ ዝህቡ ትካላትን ክኢላታትን ኬንና ድማ ንሰርሕ ኢና።**

## ብዛዕባ'ዚ ሓበሬታ ንህብ

### ክንክን ቆልዑ፤ ነዚ ዚስዕብ ድማ የጠቓልል፥

- ኣብ ዞባ ዌክፊልድ ዝርከባ ምዝጉባትን ዘይምዝጉባትን ትካላት ክንክን ጥዕና፡ ንኣብነት ክበባት ቁርሲ፣ ቻይልድማይንደርስ (childminders)፣ ናይ መዓልቲ መውዓሊ-ሕጻናት፣ ክበባት በዓል፣ መጻወትቲ ጕጅለታት ቅድመ-ትምህርትን ራፕኣራውንድ ኬርን (wraparound care)።
- ዝርዝር ሓበሬታ ብዛዕባ ቤት ጽሕፈት ዝኽፈተሉ ሰዓታት፣ ዋጋታት፣ ምጕዓዓዝ ካብ ቤት ትምህርቲ፣ ምሉእ መወከሲ ሓበሬታ ከምኡውን ብቑዕ ትካል ክንክን ቆልዑ ንምምራጽ ዜድሊ ደገፍ።
- ብናጻ ዚውሃብ ናይ ፍርቂ-መዓልቲ መውዓሊ-ሕጻናት ንዚርከቦ ኣገልግሎት ክንክን ቆልዑ ንምኽፋል ብዛዕባ ዚውሃብ ሓገዝ ዚምልከት ሓበሬታ
- ንስንኩላን ቆልዑ ወይ ተወሳኺ ሓገዝ ንዘድልዮም ቆልዑ ምቹእ ዝኾነ ኣከባቢ ክንክን ቆልዑ
- እቲ ዘድልዮም ኣገልግሎት ክንክን ቆልዑ ንምርካብ ንዘጸግሞም ስድራ-ቤታት ብመገዲ ኣገልግሎት ወኪል ክንክን ቆልዑ (Childcare Brokerage Service) ዝውሃብ ተወሳኺ ደገፍ።

## ንስድራ-ቤታት ዚውሃብ ኣገልግሎታትን ደገፍን፤ ነዚ ዚስዕብ የጠቓልል፥

- ጕጅለታት ንጥፈታትን እግረ-ተኽልን
- ድሕነት ቆልዑ
- ኣገልግሎታትን ደገፍን ማእከል ቆልዑ
- ትምህርቲ ስድራ-ቤት
- ምጉዳል ግብሪ ሰራሕተኛታት (Working Tax Credits) ዜጠቓልል ንስድራ-ቤታት ዚውሃብ ፋይናንሳዊ ደገፍ
- ጥዕና፣ ስነ-ኣመጋግባን ምርጫታት ጥዑይ ናብራን
- ንቖልዑ ዚውሃብ ዕድላት ክንክን
- ትምህርቲ ኣተዓባብያ ቆልዑን ጕጅለታት ደገፍን
- ኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ጥዕና
- ኣብያተ-ትምህርትን ካልኦት ወሃብቲ ትምህርታዊ ኣገልግሎትን
- ንስንኩላን ቆልዑ፣ ንኣሽቱ መንእሰያትን ስድራ-ቤቶምን ዚውሃብ ኣገልግሎታትን ደገፍን
- ጾታዊ ጥዕናን ዝምድናታትን
- ስፖርት፣ ጸወታን መዘናግዒ መደባትን
- መደባት መንእሰያት

ኣብ ከባቢኹም ብዛዕባ ዝርከብ ነገራት ንኽትፈልጡ ድማ ንሃገራውያን ወሃብቲ ኣገልግሎትን መሳለጥያታትን ከምኡውን ተመሳሰልቲ ጽሑፋትን ዚምልከት ሓበሬታ ኽንህብ ንኽእል ኢና።

# እንህቦ ካልእ ኣገልግሎታት

ከም ዝተዋሃሃደ ኣገልግሎት መጠን፡ ነዞም ዝስዕቡ ወለድን ኣለይትን፡ ናጻ፣ ዘይሻራዊ ምኽርን ደገፍን ንህብ፥

- ብመገዲ ኣገልግሎት ምኽሪ ምርጫ (Choice Advice Service) ኣቢሎም ንውላደም ዝኸውን ኣብ ቤት ትምህርቲ ቦታ ንኽረኽቡ ዘመልከቱ፣
- ብመገዲ ኣገልግሎት ሽርክነት ወለዲ (Parent Partnership Service) ኣቢሉ ፍሉይ ትምህርታዊ ሓገዛት ክውሃቦ ዘድልዮ ወይ ከድልዮ ዚኽእል ቆልዓ ዘለዎም።

ብዛዕባ'ዚ ኣገልግሎት ዚምልከት ተወሳኺ ዝርዝር ሓበሬታ ንምርካብ፡ ነቲ ምስ'ዚ ተተሓሒዙ ዘሎ መመለሲ ወረቐት ብምምላእ፡ ብኽብረትኩም በቲ ተዋሂብኩም ዘሎ ብናጻ ዝስደደሉ ኣድራሻ ጶስጣ ገይርኩም ስደድዎ።

ስለዚ፡ ብዛዕባ'ዚ እንህቦ ኣገልግሎታት ዚምልከት ዝያዳ ኽትፈልጡ ወይ ኣብ ከባቢኹም እንታይ ከምዝውሃብ ንኽትፈልጡ እንተደሊኹም፡ ንኣገልግሎት ሓበሬታ ስድራ-ቤታት ዞባ ዌክፊልድ (Wakefield District Families Information Service) ተወከሱ። ንሕና እንርከበሉ ዝርዝር ሓበሬታ፡ ኣብ ዳሕረዋይ ገዛ ይርከብ ወይ ኣብ ታሕቲ ኣብ ዘሎ መርበብ-ሓበሬታ ከፊትኩም ክትርእዩ ትኽእሉ፥

**www.wakefieldfis.org.uk**

ወይ እቲ ዝውሃብ ኣገልግሎታት ንምርካብ ብቐጥታ ኣብ ኢንተርነት ድለዩ፥

**www.wakefieldfsd.org.uk**

# ዝያዳ ሓበሬታ የድልየኩም ድዩ?

ኣብዚ ንኡስ-ጽሑፍ ብዛዕባ ዘንበብክምዎ ዝኾነ ነገር ሓበሬታ እንተደሊኹም፡ ኣብ ታሕቲ ንዘሎ ሳጹን ***ምልክት*** ብምግባር፡ በዚ ዚስዕብ ኣድራሻ ናብ FIS ብናጻ ስደድዎ፥
FREEPOST WF458, Families Information Service, Room 201, County Hall, Wakefield WF1 2QL.

## ኽትቅበልዎ እትደልዩ ሓብሬታ እንታይ እዩ?

☐ ኣገልግሎት ክንክን ቆልዑ

☐ ማእከላት ቆልዑ

☐ ኣገልግሎት ምኽሪ ምርጫ

☐ ትምህርቲ ስድራ-ቤት

☐ ንስድራ-ቤታት ዚውሃብ ፋይናንሳዊ ደገፍ

☐ ንወላዲ ዚውሃብ ደገፍ

☐ ኣገልግሎት ሽርክነት ወለዲ

☐ ስፖርት፣ ጸወታን መዘናግዒ መደባትን

☐ ካልእ ................................................................

## ብኽብረትኩም ሓበሬታ ሃቡና፥

ዕድመ ቆልዓ/ ው ................................................................

ስምኩም ................................................................

ኣድራሻኹም ................................................................

................................................................

ዘለኽሙዎ ፖስትኮድ ................................................................

ተሌፎንኩም ................................................................

ኣብ መወዳእታ ድማ ነዚ ንኡስ-ጽሑፍና ብኸመይ ከምዝረኸብክሙዎ ብኽብረትኩም ሓብሩና፥ ................................................................

................................................................